ቤልጅየም

SERVICE PUBLIC FÉDÉRAL JUSTICE

fedasil FEDERAL AGENCY FOR THE RECEPTION OF ASYLUM SEEKERS

cgvs Office of the Commissioner General for Refugees and Stateless Persons

ibz Federal Public Service Home Affairs

euaa EUROPEAN UNION AGENCY FOR ASYLUM

ብዛዕባ ውቕባ ምሕታት ክትፈልጥዎ ዝግበኣኩም

ሓበሬታ ብዘይ ወለዲ ንዝመጹ ህጻናት

TIGRINYA
ትግርኛ

ሰላም ንሕና ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጻእና ህጻናት ኢና። ኣብ ቤልጅየም ቅድሚ ምብጻሕና ሓለዋ ንምርካብ ነዊሕ ተጓዒዝና። ንበይንና ኢና ናብዚ መጺእና፣ ብዘይ ወለድና።

ሰላም። ሊዛ ይበሃል። ብዛዕባ ምሕታት ዑቕባ (ኣህጉራዊ ሓለዋ'ውን ይበሃል) ክትፈልጥዎ ዘለኩም ክገልጸልኩም'የ።

ኣህጉራዊ ሓለዋ እንታይ እዩ?

ሓደ ሰብ ኣብ ዓዱ ሓደጋ ስለዘጋጠሞ ክምለስ እንተዘይክኢሉ ኣህጉራዊ ሓለዋ ክረክብን ኣብታ ነዚ ሓለዋ ዝሃበቶ ሃገር ብሰላም ክጸንሕን ይኽእል እዩ።

ሞግዚኻ ከምኡ'ውን/ወይ ጠበቓኻ፡ መን ኣህጉራዊ ሓለዋ ክረክብ ከም ዝኽእልን እቲ ኣገባብ እንታይ ምኻኑን ብዝያዳ ክገልጸልካ እዩ።

ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዑቕባ፡ ስደተኛነት ወይ ንኡስ ሓለዋ እውን ክበሃል ይከኣል። ምናልባት ኣቐዲምኩም ዑቕባ ዝብል ቃል ሰሚዕኩም ትኾኑ። ብዛዕባ ኣህጉራዊ ሓለዋ ክዛረብ ከለኹ መታን ንምዝካር ክቐለኩም ዑቕባ ዝብል ቃል ክጥቀም እየ።

ሕጂ፣ ውሑስ ምኻንካ ኣይትረስዕ።

ኣብ ኤውሮጳ ኩሉ ሰብ ካበይ ከም ዝመጸ፡ ጾታኡ ፡ ሃይማኖቱ ወይ ሕብሪ ቆርበቱ ብዘየገድስ ማዕረ ኣተሓሕዛ ይግበረሉ።

ኣብ ኤውሮጳ ኩሉ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ከም ቆልዓ እዩ ዝቑጸር።

ከም ቆልዓ ድማ ፍሉይ መሰል ኣለካ። ድሕነትካን ዉሑስነት ሂወትካን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።



ከምቲ ኣብዚ ዝርአ ከም ሰራሕተኛታት በዓል መዚ ዛመሰሉ ዝተፈላለዩ ሰበስልጣን ዕቑባ ክትራኽብ ኢኻ። ብዛዕባኻን ናብ ኤውሮጳ ዝገበርካዮ ጉዕዞን ዝምልከቱ ሕቶታት ክሓቱኻ እዮም።

እቶም ሓለፍቲ ንዓኻ ንምክልኻልን ዝሓሸ ንዓኻ ዝጥዕም ውሳነ ንምሕላፍን ኣብዚ ከምዘለዉ ኣይትረስዕ።

ኩሉ ግዜ እንታይ ከም እትሓስብ፡ እንታይ ከም ዘድልየካን እንታይ ከም ዝስምዓካን ምስቶም ሓለፍቲ ከተካፍል ትኽእል ኢኻ።

ኣላዪ መን እዩ?

ብዘይ ወለድኻ ናብዚ ስለ ዝመጻእካ፡ እቶም ሰበስልጣን ኣላዪ ሓደ ዓቢ ዝበሃል ሰብ ክምድቡልካ እዮም፣ ንሱ ድማ ክድግፈካ እዩ።

ኣላዪ ማለት ብዘይ ወለዶም ወይ ብዘይ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ዓቢ ሰብ ናብ ኤውሮጳ ንዝኣትዉ ህጻናት ዝሕግዝ ሰብ እዩ።

ኣላዪ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ገና ምስ ኣላዪኻ እንተዘይተራኺብካ፡ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ክትረኽቦም ኢኻ።

ሓደ ሓደ ግዜ፡ ሰበስልጣን ምስ ቀዋሚ ኣላዪኻ ክሳብ እትራኸብ መጀመርታ ንክድግፈካ ግዝያዊ ኣላዪ ክምድቡ ይኽእሉ።

ሓደ ኣላዪ ብዛዕባ ጻንሑትካ ክትፈልጦ ዘለካ ኩሉ ክገልጸልካን ኣገዳሲ ውሳነታት ንክትገብር ክሕግዘካን ኣሎ። ንኣብነት ሓደ ኣላዪ ኣብ ሕቶ ዕቕባኻ ክሕግዘካ፡ ኣገባባት ክገልጸልካ፡ መሰላትካን ግዴታታትካን ክገልጸልካን ምስ ሰበስልጣን ኣብ ዝግበር ኣኼባታት ምሳኻ ይሳተፍን።

ነቲ ኣላዪ ኩሉ ግዜ ርእይቶኻ ክትነግሮ፡ ሕቶታት ክትሓቶን ዝኾነ ነገር እንተድኣ ኣድልዩካ ክትነግሮን ትኽእል ኢኻ። ንሳቶም ክድግፉኻ እዮም ኣብዚ ዘለዉ።

ምስ ኣላዪኻ ጸገም እንተሃልዩካ ፣ ንሰራሕተኛታት እቲ መቐበሊ ማእከል ወይ ንኣገልግሎት ሞግዚነት ሓብሮም። እዚ ኣብ ሕቶ ዕቕባኻ ዝኾነ ኣሉታዊ ሳዕቤን የብሉን።



ኣብ እዋን እቲ መስርሕ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ክወሃብ እዩ?

ምስ ካልኦት ትሕቲ ዕድመ ኮይንካ እትቕመጠሉ ውሑስ ቦታ

ክዳውንቲ

ቀንዲ ኣድለይቲ ነገራት ከም ናይ ኣካላዊ ጽሬት ፍርያታት

መግቢ

ናብ ሓኪም ክትከይድ ትኽእል ኢኻ

ከም ኩሎም ኣብ ቤልጅየም ዘለዉ ትሕቲ ዕድመ፡ ንስኻ ውን ናብ ቤት ትምህርቲ ክትከይድ ኢኻ

ኣብ ጽቡቕ ቦታ ክትነብርን ከከም ዕድመኻ ዘድልየካ ሓገዝ ክትረክብን ኢኻ። ብዛዕባ ቤልጅየም፡ ብዛዕባ እቲ መስርሕን ብዛዕባ ምዕባይ ከም መንእሰይን ንዘለካ ኩሉ ሕቶታት ደገፍ ክትረክብ ኢኻ።

ዑቕባ ሓቲተ፣ ሕጂ እንታይ እዩ ክኸውን?

ቀዳማይ ነገር፡ መመልከቲኻ ክምዝገብን ክኣቱንድን ኣለዎ።

መመልከቲኻ በታ ሕንቲ መዓልቲ ክምዝገብን ክኣቱን እዩ።

(ግዝያዊ) መዕበዪ/ሓላዊ ክርከብ እዩ።

ሓላዊኻ ብዛዕባ እታ መዓልቲ ክሕብረካ እዩ፣ ሓላዊኻ ድማ ናብ ሰበ-ስልጣን ክሰንየካ እዩ።ሓላዊኻ ኣብ እዋን እቲ መስርሕ ምሳኻ ክኸውን እዩ።

ኣብ እዋን ናይ መመልከቲ ምዝገባን ምቕራብን እዚ ዝስዕብ ክኸውን እዩ...

ኩሎም ምሳኻ ዘለዉ ናይ መንነት ሰነዳት (ፓስፖርት፡ መንነት ወረቐት ወዘተ) ነቶም ሓለፍቲ ከተርእዮም ኢኻ።

ንስኻን ውልቃዊ ንብረትካን ክትፍተሽ ትኽእል ኢኻ። ሰበስልጣን ንብረትካ ንቑሩብ ግዜ ክሕዝዎ ይኽእሉ እዮም፡ እንተኾነ ግን ብዘይካ እቲ ሓደገኛ ዝኾነ ንብረት ኩሉ ክመልሱልካ እዮም።

ስእልኽእ ክውሰድ እዩ።

ኣሰር ኣጻብዕትኻ ክውሰድ እዩ።

ናብ ሓኪም ክትከይድ ትኽእል ኢኻ

- ሓደ በዓል ስልጣን ብዛዕባኻን ብዛዕባ ኣብ ኤውሮጳ ዘሎ ስድራቤትካን ሕቶታት ክሓተካ እዩ።
- ተወሳኺ ሓበሬታ ክእከብ እዩ፡

ሓደ በዓል ስልጣን ዝርዝር ርክብኩም (ኣድራሻኹምን ቁጽሪ ተሌፎንኩምን) ንክትህቡ ክሓተኩም እዩ።

ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ክትሕተት ኢኻ፡-

- ብዛዕባኻን ስድራኻን
- ብዛዕባ ሃገርካን ቅድሚ ሕጂ ዝነበርካሉ ቦታታትን
- ስለምንታይ ካብ ሃገርካ ክም ዝወጻእካን ንምንታይ ክትምለስ ክም ዘይትደሊን
- ከመይ ጌርካ ናብ በልጅየም ክም ዝመጻእካ።

ዘክሩ!

ምስ ኣላይኻ ክትዘራረብን ምስ ሰብ መዚ ዕቕባ ብሓባር ክትሰርሕን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ንኣላይኻ ወይ ነቶም ሓለፍቲ እትዛረቦ ኩሉ **ምስጢራዊ ኮይኑ ይዕቀብ**። እዚ ማለት እቲ እትህቦም ሓበሬታ ምስ መንግስቲ ዓድኻ ይኹን ምስ እትፈርሖም ሰባት ፈጺሙ ኣይክካፈልን እዩ።

ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ (ኣሳይለም) ኣብ በልጅየም ክጸንሕ ድየ?

ድሕሪ ምዝገባ፡ ሰበ-ስልጣን ኣየነይቲ ሃገር መመልከቲኻ ከም እትምርምሮ ክውስኑ እዮም። እዚ ድማ ኣብ በልጅየም ወይ ኣብ ካልእ ሃገር ፈውሮጳ ክኸውን እዩ። ነታ ሃገር ክትመርጻ ኣይትኽእልን ኢኻ፣ ነገር ግን ንዓኻ ዝበለጸ ረብሓ ዘለዎ ነገር ኣብ ግምት ክኣቱ እዩ። ሰበ-ስልጣን ነዚ ክብርሁልካ እዮም።

በልጅየም



ካልእ ሃገር ኤውሮጳ

ኣብ እዋን ምዝገባ ንሰበስልጣን እዝ ዝስዕብ ክትነግሮም ኣገዳሲ እዩ፡-

- ኣብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ስድራቤት እንተሃልዩካ
- ቅድሚ ሕጂ ኣብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ዕቕባ ሓቲትካ እንተኾንካ።

ኣብ ኤውሮጳ ስድራቤት እንተሃልዩካ፡ ብዛዕባ ስድራቤትካ እትፈልጦ ኩሉ ነቶም ሓለፍቲ ምሕባር ኣገዳሲ እዩ። ኣብዛ ሃገር ወይ ኣብታ ዝነብሩላ ሃገር ምስኦም ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ።

ስድራኻ ኣበይ ከምዘለዉ እንተዘይፈሊጥካ፣ ወይ ምስኦም ዝነበረካ ርክብ እንተ ተቛሪጹ፣ ስድራቤትካ ንምርካብ ንኣላይኻ / ነቶም ሓለፍቲ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ድሕሪ ናይ መመልከቲ ምዝገባን ምቕራብን እንታይ ክኸውን እዩ?

ድሕሪ ምዝገባ፡ መመልከቲኹም ከምዝተገብረን ከምዝተመዝገበን ዝገልጽ (ግዝያዊ) ሰነድ ይመጸኩም።

ሓንሳብ መመልከቲኻ ምስ ኣመዝገብካ / ምስ ኣእተኻ ዕቕባ ከም ዝሓተትካ ዝገልጽ ሰነድ ይወሃበካ። እዚ ሰነድ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ብጽቡቕ ሓዞ። ካብቲ እትዓርፉሉ ቦታ ክትወጽእ ከለኻ ወይ ምስ ሰበስልጣን ኣኼባ ኣብ እትገብረሉ እዋን ምሳኻ ሒዝካ ኪድ።

እቶም ሓለፍቲ ከመይ ጌሮም እዮም ዕድመይ ክፈልጡ?

ዕድሜኻ ዘረጋግጽ ሰነዳት እንተዘይብልካን ሰበስልጣን ብዛዕባ ዕድመኻ ጥርጣረ ሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሺን (DVZ) ግምት ዕድመ ክትገብር ክሓቱኻ እዮም። እዚ ዕድመኻ ንምግማት ዝሕግዝ ዓይነት ልምምድ እዩ። ዕድመኻ ንምግማት ዝተፈላለየ መገድታት ኣሎ።

ሓደ ሰራሕተኛ ኮሚሽነር ጀነራል ጉዳይ ስደተኛታትን ሃገር ኣልቦታትን (CGVS) ምሳኻ ቃለ-መሕተት ከካይድ እዩ። ኣብ ውጽኢት ናይዚ ተመርኩሱ ድማ ትሕቲ ዕድመ ምኽንካ ከረጋግጽ እዩ ወይ ከኣ ኣብ ዕድሜኻ ጥርጣረ ከሕድር ይኽእል። ኣብቲ ናይ ጥርጣረ ኩነታት፡ እቲ ምስቲ ሰራሕተኛ CGVS ዘካየድካዮ ቃለ-መሕተት ዝሓዘ ሰነድ ናብ ናይቲ ጉዳይ መርመርቲ ክኢላታት ክቐርብ እዩ። እቶም ክኢላታት ድማ ነቲ መዝገብካ ድሕሪ ምምርማር፡ ትሕቲ ዕድመ ወይ ልዕሊ ዕድመ ምኽንካ ይውስኑ፡ ወይ ድማ ብወገኖም ብርግጽ ክውስኑ ዘይምኽኣሎም ይገልጹ።

ገና ጥርጣረታት እንተሃልዩ፡ ሕክምናዊ መርመራ ክትገብር ክትሕተት ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ ኩነታት እዚ፡ ካባኻን ካብቲ ሞግዚትካን ፍቓድ ይሕተት።

እቲ ናይ ዕድመ ገምጋም ልዕሊ 18 ዓመት ምኽንካ እንተደኣ ኣረጋጊጹ፡ ከም ዓብዩ ሰብ ኢኻ ትቑጸር። ኣብዚ ጉዳይ እዚ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ድማ ይወሃበካ።

ሰበስልጣን ሓደ ሰብ ጎዲኡካ ይኸውን ዝብል ጦብላሕታ እንተሃልይዎም፡ ናብ ሓኪም ንክትኪይድ ሓሳብ የቕርቡልካ።

መመልከቲኻ ኣብ እትምርምረሉ እዋን ውጽኢት ናይቲ ሕክምናዊ መርመራ ኣብ ግምት ክኣቱ እዩ።

መመልከቲኻ ምስ ቀረበ፡ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ውልቃዊ ቃለ መሕትት ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

እዚ ማለት ሓደ መኮነን ብዛዕባኻ፡ ስለምንታይ ካብ ሃገርካ ወጺእካ ንምንታይ ክትምለስ ዘይትደሊ ዝምልከት ተወሳኺ ሕቶታት ክሓተካ እዩ። ሰበስልጣን ኣብ ውልቃዊ ቃለ መሕትት ክትሳተፍ እንተሓቲቶምካ፡ ኣብኡ ክትሳተፍን ክትዝክሮ እትኽእል ኩሉ ክትነግሮምን ኣለካ። እቲ ውልቃዊ ቃለ መሕትት ብድምጺ ክቕረጽ እዩ።

ኣላዪኻ እቲ ቃለ መሕትት መዓስን ኣበይን ከም ዝካየድ ክነግረካን ኣብ እዋን ቃለ መሕትት ክድግፈካን እዩ።

እቶም ሓለፍቲ ዝዛረቡዎ ቋንቋ እንተዘይተረዲኡኒ’ኸ?



እቲ ቋንቋ እቶም ሰራሕተኛታት እንተዘይተረዲኡካ፡ ቋንቋኻ ዝዛረብ ቶርጓማይ ነቲ ዝብልዎ ንኽትርድኦ ክሕግዘካ እዩ።

ተርጓሚ ኣብ መስርሕ ጉዳይካ ካብ ዝተባህለ ምትርጓም ሓሊፉ ካልእ ተራ የብሉን። ነቲ ሓላፊ ጉዳይን ተርጓሚን እትብሎም ምስጢራዊ ኮይኑ ክዕቀብ እዩ።

ከም ዝጥዕመካ ኰይኑ ዝተሰምዓካ፡ እቲ ትዘራረቦ ሰራሕተኛ ወይ ቶርጓማይ ጓል ኣንስተይቲ ወይ ተባዕታይ ክኸውን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

እንተሃልዮም ድማ ምርጫኻ ክቐርቡልካ እዮም። ንሞግዚኻ ብዝተኻእለ ቅልጡፍ፡ ከምኡ’ውን ኩሉ ግዜ ቅድሚ እቲ ዝርርብ፡ ምስ ጓል ኣንስተይቲ ወይ ተባዕታይ ክትዘራረብ ትደርፍ ምኻንካ ሓብሮ።

እዚ ኩሉ ክንደይ ግዜ ይወስድ?

ድሕሪ ቃለ መሕትት ኩሉ ዝሃብጽካዮ ሓበሬታ ክምርመር እዩ።

ካብቲ መዓልቲ ምቐራብካ ኣትሒዙ፡ ናይ መወዳእታ ውሳነ ክሳብ እትቐበል **6 ኣዋርሕ** ክወስድ ይኽእል እዩ። ሓድሓደ ግዜ እቲ ምርመራ ንነዊሕ ግዜ ክውስድ ይኽእል፡ ግን ካብ **21 ኣዋርሕ** ንላዕሊ ኣይክኸውንን እዩ። ኣብ ቅልጡፍ መስርሕ ክትኣቱ ትኽእል ኢኻ፡ በዚ ድማ ናይ ምርመራ ግዜን ናይ ይግባይ ግዜ ገደብን ሓጺር ክኸውን ይኽእል እዩ።

ነቲ ኪይዲ ምጽባይ ንምጽዋር ሓገዝ እንተድኣ ኣድልዩካ ኩሉ ግዜ ንኣላዪኻ ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ።



ሓደ ዓርኩ፣ እቶም ሰበስልጣን ንሕቶ ዑቕባኡ ከምዘይምርምሩ ገሊጹ። ስለምንታይ ከምኡ ኮይኑ?

እቶም ሰበስልጣን መጀመርያ ናይ ዑቕባ መመልከቲ ምርኣይ የድልዮም ድዩ ኣይድልዮምን ይምርምሩ።

እቶም ሰበስልጣን ኣቐዲምካ ኣብ ካልእ ሃገር ሓለዋ እንተተዋሂቡካ ወይ ካብ ውሑስ ኢሎም ዝቐጽርዋ ሃገር እንተመጺእካ ንመመልከቲኻ ምሉእ ብምሉእ ዘይክምርምሩ ይኽእሉ።



እንታይ ዓይነት ውሳነ እየ ክቕበል?

ዝምልከቶም ኣካላት ዉቕባ ዘድልየካ ምኺኑ ክውስኑ እዮም።

እቲ ውሳነ ክግለጸልካ እዩ።

ኣሉታዊ ውሳነ እንተመጺኡካን ንስኻ ወይ ኣላዩኻ እንተዘይተሰማሚዕካሉን ነቲ ውሳነ ናብ ቤት ፍርዲ ወሲድካ ክትቃወሞ ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ ይግባይ ይበሃል።

ብዛዕባ ኣገባብ ዑቕባ ዝያዳ ሓበሬታ ብኽመይ ክረክብ ይኽእል?

ካብ ኣላዪኻ ብተወሳኺ ኣገባብ ዑቕባ፡ መሰላትካን ግዴታኻን ክረድኡኻ ዝኽእሉ ኣማኽርቲ ሕጊ'ውን ኣለዉ።

ንኣላዪኻ ብኽመይ ክም እትረኽቦም ሕተቶ።



ጠበቓ ክሕግዘካ እንተደሊኻ ምስ ኣላዪኻ ወይ ካልእ በዓል ስልጣን ተዘራረብ።

እቲ ጠበቓ ምስ ኣላዪኻ ብምኽን ኣብ ዝስዕብ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ፡-

ምስ ሰበስልጣን ንዝግበር ቃለ መሕትት ምድላዋት ምግባር።

ምስ ሓለፍቲ ዕቅባ ምዝርራብ

- ነቲ ኣብ ሕቶ ዕቅባኻ ዝተውሃበ ውሳነ ንኽትርዳእ፡
- ከምኡ'ውን ብዛዕባ ይግባይ ንምፍላጥ፡ ንስኻ ወይ ሞግዚኻ ምስቲ ውሳነ ዘይተሰማማዕኩም እንተኾይንኩም።

ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባኹም ኣብ ዝኾነ እዋን ምስ UNHCR እውን ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።

UNHCR ንሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ይድግፍን ሓለዋ ይህብን እዩ።

ኣብ UNHCR ዝሰርሑ ሰባት ንሓተትቲ ዑቕባ ሓበሬታን ሓገዝን ይህቡ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ https://help.unhcr.org/ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

UNHCR
The UN Refugee Agency

ጽቡቕ እንተ ዘይኮንኩ ወይ ብዙሕ ግዜ ይጭነቕ እንተኾይነ ብኽመይ ሓገዝ ክረክብ እኽእል?

ንኣላዪኻ፡ ንሓደ በዓል ስልጣን ወይ ኣብቲ እትሓድረሉ ቦታ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ንገሮም፣ እንተድኣ፡-

ሓደ ሰብ ጎዲኡካ ኮይኑ

ሓዘን፡ ሕርቃን፡ ፍርሒ ይስምዓካ ወይ ድቃስ ይኽብደካ ኮይኑ

ካልእ ከም ስንክልና ወይ ሕማም ዝኣመሰለ ጸገማት እንተልዩካ ወይ ነፍሰጾር እንተኾይንኪ

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለኸኑታት፡ ሓገዝ ክትረክብ ኢኻ

ዝኾነ ክገብሮ ዝግባእ ግዴታ ኣለኒ ድዩ?



እወ

ሕግን ደንብን እዛ ሃገር ክትከተል ኣለካ።

ብዛዕባ ሕግታት ወይ ደንብታት ጥርጣረ እንተሃልዩካ፡ ንኣላዩኻ ሕተቶ።

ኣብቲ ኣላይኻ ጽናሕ ዝበለካ ቦታ ክትጸንሕ ኣለካ።

ሰበስልጣን ንዓኻ ዝኸውን ቦታ ይመርጹልካ። ብዘይ ፍቓድ ሰበስልጣን ካብቲ ቦታ ኣይትህደም ወይ ካብ ቤልጅየም ኣይትውጻእ።

ምስቶም ሓለፍቲ ሓቢርኩም ክትሰርሑ ኣለኩም።

ምስ ተሓተትካ ንሕቶታቶም ክትምልስን መምርሒታቶም ክትከተልን ኣለካ።

ሰበስልጣን ሕቶታት ክሓቱኻ ከለዉ ብቕንዕና እትፈልጦ ኩሉ ንገሮም።

እቲ እትዛረቦ ነገር ንመመልከቲኻ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ኩሉ ዘይክትዝክሮን ንኹሉ ሕቶታት ክትምልስ ዘይትኽእልን ትኸውን። ክትዝክር እንተዘይክኢልካ መልሲ ኣይትምሃዝ፣ ከምዘይትዝክሮ ጥራይ ግለጽ።

ኣብ ኩሉ ምስ ሰበስልጣን ዘለካ ቆጸራታት ክትሳተፍ ኣለካ።

እዞም ቆጸራታት እዚኣቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። ኣብቲ ዝተዋህበካ መዓልትን ሰዓትን ክትቀርብ ኣለካ። ብዛዕባ እዚ ካብ ሰራሕተኛታት እቲ መቐበሊ ማእከል ወይ ካብ ሞግዚኻ ሓገዝ ክትረክብ ኢኻ።

ቅኑዕ ዝርዝር መራኸቢ ሓበሬታ ክትህቡ ኣለኩም።

ኩሉ እቲ ሓበሬታን ቆጻራታትን ከም እትረኽቦ ንምርግጋጽ፡ ኣድራሻ ወይ ቁጽሪ ተሌፎን ንሰበስልጣን ክትህብ ኣለካ። እቲ ኣላዩ እውን ነዚ ሓበሬታ ክቕበልን መዓልቲ ቆጻራታትኩም ከዘኻኽረኩም ይኽእል እዩ። ዝርዝር ርክብካ እንተተቐይሩ፡ ንኣላዪኻን ንሰራሕተኛታት ሰብመዚ ዑቕባን ንገሮም። ንሳቶም ከረኽቡኻ ክኽእሉ ኣገዳሲ እዩ።

ኩሉ ዘለካ ሰነዳት ንሰበስልጣን ክትህቦም ኣለካ።

ኩሉ እቲ ንዓኻ ዝምልከት ሰነዳትን ካብ ሃገርካ ዝወጻእካሉ ምኽንያታትን ሃቦም። እዚ ድማ ናይ መንነት ሰነዳት (ፓስፖርት)፣ ናይ ልደት ወይ ናይ ቤት ትምህርቲ ምስክር ወረቐት፣ ናይ ሕክምና ሰነድ ወይ ካልእ ሰነዳት የጠቓልል።

ኩሉ ሓበሬታን ሰነዳትን ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ከተቕርብ ኣለካ።

እቶም ሰነዳት ሕጂ እንተዘይሃልዮምካ፡ ጸኒሕካ ክትህቦም ትኽእል ኢኻ። ምስ ሞግዚኻ ተዘራረብ። ኣላዩኻ ነቶም ሰነዳት ንምርካብ ክሕግዘካን ኣብ ግዚኡ ምስ ሰበስልጣን ንከተካፍሎም ክሕግዘካን ይኽእል ይኸውን።

ግዴታኻ ከተማልእ እንተዘይከኢልካ፡ ብቕልጡፍ ንሞግዚኻን ንሰራሕተኛታት ኣካላት ዑቕባን ሓብሮም ከምኡ’ውን ምኽንያቱ ግለጸሎም።

ግዴታታተይ እንተዘይኣማሊአ እንታይ ይኸውን?

ግዴታታትካ እንተዘይኣማሊእካ፡ ንመመልከቲኻ ብኣሉታ ክጸልዎ ይኽእል እዩ።

ገለ ካብቲ ኣነ ዝገለጽክዎ መሰላትን ናይ ደገፍ ኣገልግሎታትን ክትስእኑ ትኽእሉ ኢኹም።

ግዴታታትካ እንተዘይኣማሊእካ ናይ ዑቕባ ኣገባብካ ደው ክብል ወይ ክነጽግ ይኽእል፣ ንኣብነት፡-

- ካብ ሰበስልጣን ዝመጽእ ሕቶታት ኣይትምልስን ኢኻ፣ ወይ
- ኣሰር ኣጻብዕትኻ ክወስዱ ኣይትፈቕደሎምን ኢኻ፣ ወይ
- ካብቲ እትዓርፈሉ ቦታ ብዘይ ፍቓድ ወጺእካ

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ እቶም ሰበስልጣን ነቲ መመልከቲኻ ብዕቱብ ከምዘይሓዝካዮ ክሓስቡ እዮም። ናይ ኣመልካቲ ኩነታትካ ተቐሪጹ ኩሉ እቲ ዝወሃብ ደገፍ ክትስእን ኢኻ።

ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ወይ ዛንታኻ ንሰበስልጣን ሓቂ እንተዘይነጊርካ ወይ ኣገዳሲ ሓበሬታ እንተሓቢእካ ወይ ኮነ ኢልካ ሰነዳትካ እንተ ኣጥፊእካ፡ ሕቶኻ ክንጸግን ዕቕባ ክይወሃበካን ይኽእል’ዩ።

እቶም ሰበስልጣን ድሒሮም ኣብ እዋን መስርሕ ዕቕባ ሓቂ ከም ዘይነገርካ እንተፈሊጦም፡ ዝተውሃበካ ደረጃ ዕቕባ ካባኻ ክውሰድ ይኽእል’ዩ።

ክትፈልጥዎም ዘለኩም ኣገደስቲ ነገራት ገሊጸልኩም ኣለኹ። ኣላዩኻን ሰበስልጣንን ኣብ እዋን መስርሕ ዕቕባ ተወሳኺ መብርሂ ክህቡኻ እዮም።

ዘክሩ!

ዑቕባ ምሕታት ብነጻ ዝካየድ እዩ





ጥንቁቓት ኩኑ

ብውዕለታ ወይ ብገንዘብ ሓገዝ ንህብ ኢና ካብ ዝብሉ ሰባት ተጠንቀቑ። ሕማቕ ዕላማ ክህልዎም ይኽእል እዩ።

ሓደ ሰብ ካብቲ ዝዓረፉሉ ቦታ ንክትሃድም ክትፍትን ከተባብዓካ ይኽእል እዩ። እዚ ንዓኻ ሓደገኛ ክኸውን ስለ ዝኽእል ግን ክትወጽእ ከም ዘይብልካ ኣይትረስዕ።



ሓደ ሰብ ዘይትደልዮ ነገር ወይ ጌጋ ዝመስል ነገር ክትገብር ከእምነካ እንተፈቲኑ ብኡንብኡ ንኣላዪኻ፡ ወይ ኣብቲ እትሓድረሉ ቦታ ዝሰርሑ ዓበይቲ ሰባት ንገሮም።

ናብ ዓደይ ተመሊሰ መመልከቲየይ ደው ከብል እንተደልየ'ኸ እንታይ ክገብር ኣለኒ?



ናብ ዓድኻ ተመሊስካ መመልከቲኻ ደው ከተብሎ እንተደሊኻ፣ ንኣላዪኻን ንሰበስልጣንን ንገሮም። ብሰላም ክትምለስ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።

ብዛዕባ እዚ ሕጂ ዝገለጽክዎ ተወሳኺ ሕቶታት እንተሃልዩካ፣ ንኣላይኻ፡ ነቶም ኣብቲ እትሓድረሉ ቦታ ዝሰርሑ ሰበስልጣን ወይ ሰራሕተኛታት ሕተቶም። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ እውን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡-

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። እዚ ንባዕሉ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ትካል ዐቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum፣ EUAA) ቀንዲ ኣካል ናይዚ ጽሑፍ ኣቐሪቡ ኣሎ፣ ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ በራሪ ወረቐት ድማ ብ EUAA ፍቓድ ተዋሂብዎብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ ክግበር ይኽእል። EUAA ብዛዕባ ትኽክለኛነት፡ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዝተኻተተ ሓበሬታ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን እዩ። EUAA ይኹን ንEUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ብዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© ኤጀንሲ ዐቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum)፡ 2026